# ልምዓታዊ መንግስቲ ደቡብ ኮርያ ህዝቢ ትግራይን

**(**ብያሬድ ኣለምሰገድ **08-03-16)**

**ኢትዮጲያ ብሓፈሻ ትግራይ ድማ ብፍላይ ንማእኸለዎት ሰብ ሙያ ትኹረት ብምሃብ ልክዕ ከም ደቡብ ኮሪያ ካብ ድኽነት ንምንጋፍ ኣብ ትገብሮ ፃዕሪ ሓገዝ ደቡብ ኮርያ ኣይፍለያን** ኣምባሳደር ሙን ህዋ ኪምን ከምዝገለፅዎ

ዕለት 25/11/2008 ዓ.ም ቅድሚ ቀትሪ ኣብ ከባቢ ሓዱሽ መናሃርያ መቐለ ፖቴኒክ ኮሌጅ ናይ ደቡብ ኮርያ ትካል ዝኾነ ኮይካ ዝበሃል ትካል ብዝተገበረ ስምምዕነት ሰነድ መሰረት ንምህናፅ እምነ ኩርናዕ ኩብር ር/ምም/ር ብ/ክ/መ/ትግራይ ኣይተ ኣባይ ወልዱን ኣምባሳደር ሙን ህዋ ኪምን ኣንቢሮም እዚ ኮሌጅ ብ 5.5 ሚልዮን ዶላር ወፃኢ ዝህነፅ ምዃኑ ኣብ ዝነበረ ስነ-ስርዓት ምንባር እምነ ኩርናዕ ዝተውሃበ መደረ ተገሊፁ፡፡

ኣብዚ ስነ-ስርዓት ምንባር እምነ ኩርናዕ ላዕለዎት ሓለፍቲ ክልልናን ናይ ኪዮካ ትካል ኣመራርሓን ተረኺቦም፡፡ ንድምቀት እቲ ስነ-ስርዓት ድማ ህፃውንቲ ናይ ኣርት በዓልሞያ ምርኢት ብምቕራቦም ድምቀት ሂበምዎ ሓሊፉ፡፡





መኽፈቲ ስነስርዓት እንትካየድ






ምቅማጥ እምነ ኹርናዕ ፖሊቴክኒክ ኢኒስቲትዩት